

**ሽም ሕጽይቲ ተወዳዳሪት:** **ጁሊ ካንግ (Julie Kang)**
**ሽም ወፈራ:** **ጁሊ ን ሴያትል ዲስትሪክት 5 (Julie for Seattle D5)**
**ናይ ወፈራ መርበብ ሓበሬታ፡-**
**https://julieforseattle.com/**
**ትወዳደረሉ ሓላፍነት፡-** **ቤት ምኽሪ ከተማ ዲስትሪክት 5**
**ናይ ወፈራ ቍጽሪ ተሌፎን፡-** **206.880.3873**
**ሌላ ምስ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት (ናይ 200 ቃላት ገደብ)፡**

ኣነ ኣብ ዲስትሪክት 5 ናይ ነዊሕ እዋን ነባሪት ዝኾንኩ፣ መምህር፣ ከምኡድማ ናይ'ቲ ማሕበረሰብ ንቕሕቲ ተሳታፊት እዩ። ከም ሓንቲ ኣብ ሰሜን ሲያትል ህይወታ ዝሃነጸት ስደተኛ መጠን፡ ውሳነታት ከተማ ንመዓልታዊ ክውንነት ዝሰርሑ ስድራቤታት፡ ስደተኛታትን ንኣሽቱ ትካላትን ናይ መዓልታዊ ተግባራት ብኸመይ ክቐርጾ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ እዩ።

መራሕትና ድምጽና ክሰምዑን ብጭቡጥ ኣውራጃና እንታይ ከምዘድልያ ክርድኡን ንደልዮም። እቶም ኣነ ቀዳምነት ዝህቦም ጉዳያት ርትዓዊ ዋጋ፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ድሕነትን ገዛ ኣልቦነትን፡ ከምኡ’ውን ሓለዋ ስደተኛታት እዮም።

ኣነ እቲ ሞያዊ ህይወተይ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎትን ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንብዙሕ ቋንቋታት ዝዛረቡ ተማሃሮ ድጋፍ ንዝህቡ መምህራን ኣብ ምስልጣን እዩ ኣሕሊፈዮ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን (University of Washington)ን ዩኒቨርሲቲ ሲያትል (Seattle University)ን ፣ ኣብ ምምራሕን ምሕንጻጽን ሰፋሕቲ መደባት፣ ኣብ ምምሕዳር ዝተሓላለኸ ህዝባዊ ባጀት፣ ከምኡ’ውን ኣብ ምሕንጻጽ ኣብ ተሓታትነት፣ ፍትሓውነትን ውጽኢትን ዘተኮረ ስግረ-ዓውዲ ሽርክነት ሰሪሐ እዩ።

ኣብ ቦርድ ክለብ ማሕበረሰብ ሃለር ሌክ (Haller Lake Community Club) የገልግል፣ ኣብ ባንኪ መግቢ ብወለንታዊነት፣ ከምኡ'ውን ንማሕበረሰብ ስደተኛታትና ኣብ ምምሃርን ካብ ICE ክጥንቀቑ ሓበሬታ ኣብ ምሃብን/ምክፍፋልን እሰርሕ፣ ንኣናእሽቱ ትካላት ንምድጋፍ ድማ ናይ FuseD5 ናይ እግሪ ጉዕዞታት መሪሐን እዩ። ኣነ ሕብንቲ ኣባል ማሕበር ሰራሕተኛታት WEA’የ በዓል ቤተይ ድማ ኣባል UFCW 3000 እዩ።

ናብ ቤት ምኽሪ ከተማና ማሕበረሰባዊ ፍልጠት፣ ተመኩሮ ባንኪ፣ ክእለት ፖሊሲን ርጉእ ኣመራርሓን ከምፅእ እየ። ሕብረተሰብና ዘድልዮ ዓይነት መራሒት - ነቶም ድምጺ ዘይብሎም ዝሰምዕን ዝጣበቕን ሰብ ክኸውን ቃል እኣቱ።

ደገፍኩም ረኺበ ንኣውራጃና ክውክል እንተዝኽእል ክብሪ ምተሰመዓኒ።

*እዛ ሕጽይቲ ተወዳዳሪት እዚኣ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ትሳተፍ ኣላ።*



**ሽም ሕፁይ፡-** Silas James (ሳይለስ ጀምስ)

**ሽም ጎስጓስ፡-** Silas for Seattle (ሳይለስ ንሲያትል)

**መርበብ ሓበሬታ ጎስጓስ፡-** https://silasforseattle.com/

**ነታ ከተማ ዝወዳደርሉ ምድብ ስራሕ፡-** City Council District 5 (ናይ ዲስትሪክት 5 ቤት ምኽሪ ከተማ)

**ስልኪ ቑፅሪ ጎስጓስ፡-** (425) 224-5463

ኣነ Silas James (ሳይለስ ጀምስ) እበሃል፣ ከተማና ንኹሉ ሰብ ብዝሓሸ ኹነታት ንክትሰርሕ ንምግባር ኣብ District 5 ናይ (ቤት ምኽሪ ከተማ ሲያትል) Seattle City Council ኣባል ንምኳን ሕፁይ ኮይነ ቀሪበ ኣለኹ። ከም ሓደ መምህር ናይ ጉድእ ኣካል፣ ተመራማሪ፣ ተሟጓትን ናይ Seattle Disability Commission (ኮሚሽን ጉድኣት ኣካል ሲያትል) ኣቦ መንበር/ኣካቢ፣ ብቕዓት ብዘይብሎም/ዝተበላሸዉ ስርዓታትና ተስፋ ቆሪፀ ኣለኹ። ሃፋትም ኮርፖሬሽናት ዝግብኦም ብፅሒት ንክኸፍሉ፣ ብተመጣጣኒ ዋጋ ዝርከቡ መንበሪ ኣባይቲ ንክስፋሕፍሑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመሰረቱ ናይ ውሕስነትን ፍትሒ ከባቢ ኣየርን ዝሕግዙ መፍትሒታት ንክፈጥሩ ንምግባር ብዕቱብን ብትግሃትን ክሰርሕ እየ። ዓቕሚ ንዘይብሎም ጎረባብትና እትስማዕማዕ ሲያትል ምፍጣር እንተኽኢልና፣ ኩላትና ተረባሕቲ ንኸውን።

ዝበዝሕ ናይ ህይወት መዋእለይ ነቶም ሓገዛት ናይ መንግስቲ (Public benefits) ብምጥቃም ዘሕለፍኩ እንትኾን፣ በዚ ተመኩሮይ እዚ ብዛዕባ እዞም ዝተሓላለኹ ስርዓታት ዝለዓለ ክእለት ዘኻዕበትኩ ብዓል ሞያ ኮይነ ኣለኹ። ውልቀሰባት ብምምራሕን ጉጅለታት ብምምሃርን ዕውታት ንክኾኑ እንትሕግዝ ዋላ እኳ እንተፀናሕኹ፣ ሕዚ ግን ንመላእ ሲያትል ዝተርፍ ረብሓ ንምርካብ ሱር በቆስ ለውጢ ስርዓት ንምምፃእ ቆሪፀ ተላዒለ ኣለኹ።

ሰባት ዕውታት ንክኾኑ ዘድልዮም እታዎታት ንምቕራብ ከምኡ'ውን ጎረባብትና መንነቶም፣ መበቆሎም፣ ወይ ድማ ዘለዎም መጠን በዝሒ ገንዘብ ብዘየገድስ ንኩሎም ውሕስንኦም ዝተሓለወ ንክኾኑ ንምግባር ኣብዚ መረፃ እወዳደር ኣለኹ።

ናይ ዲሞክራሲ ቫውቸራቶም (Democracy Vouchers) ንSilas for Seattle ብምሃብ ንጎስጓሰይ ሓገዝ ንኽገብሩለይ እሓትት። መጻኢ ከተማና ናትና እምበር ናይ ቢልዮነራት ትካላት ከም ዘይኮነ ኣረጋግጹ።

*እዚ ሕጹይ ተወዳዳሪ እዚ ኣብ ፕሮግራም ናይ ደሞክራሲ ቫውቸር ይሳተፍ ኣሎ።*